# እቲ ብዛዕባ ሓድሽ ክራይ ዝካየድ ዝነበረ ምይይጥ ኣቋሪጹ እዩ

ማሕበር ተኻረይትን ዋና ገዛኻን ድሕሪ ዝገበርዎ ምይይጥ ብዛዕባ ሓድሽ ክራይ ናይ 2021 ክሰማምዑ ኣይከኣሉን። ዋላ'ኳ እቲ ኵነታት ከምዚ ከሎ፡ ዋና ገዛኻ ክራይ ገዛ ከም ዝወሰኸ ክሕብረካ ወይ እቲ ሓድሽ ክራይ ገዛ ዝተሓተሞ ሓደ ሓድሽ መኽፈሊ ፋክቱራ ክመጸካ እዩ። እዚ ነቲ ሓድሽ ክራይ ገዛ ክትቅበሎ ግዴታ ኣለካ ማለት ኣይኮነን። ንሕና ማሕበር ተኻረይቲ ነቲ ናይ ቀደምካ ክራይ ክትከፍል ኢና ንመኽረካ።

ንስኻ ከም ተኻራያይ መጠን ነቲ ወሰኽ እንተ ዘይተቐቢልካዮ፡ እቲ ዋና ገዛኻ ነቲ ክራይ ኽውስከሉ ንኽኽእል ንኽውሰነሉ ናብ ቤት ፍርዲ ክራይ ኣባይቲ ናይ ግድን ክኸይድ ኣለዎ። ኣብ ቤት ፍርዲ ክራይ ኣባይቲ ንዓኻ ወኪልና ኣብ ክንዳኻ ኴንና ክንዘረብ ንኽእል ኢና። እቲ ሓድሽ ክራይ ገዛ፡ እቲ ዋና ገዛ ጉዳዩ ምስ ኣእተወ እንተ ኣቐደመ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ እዩ ኣብ ግብሪ ክውዕል ዝኽእል። ስለዚ ግዳይ ናይ ንድሕረት ተመሊስካ ዝኽፈል ወሰኽ ናይተን ቀዳሞት ሰለስተ ኣዋርሕ ኣይትኸውንን ኢኻ ማለት እዩ። ክሳብ እቲ ናይ ቀደም ክራይ ገዛኻ ምኽፋል ዝቐጸልካዮ፡ ካብ ገዛኻ ንኽትወጽእ መጠንቀቕታ ክወሃበካ ወይ ናብ ትካል ኣከብቲ ዕዳ ክትኣቱ እውን ኣይትኽእልን ኢኻ።

ናብ ቤት ፍርዲ ክራይ ኣባይቲ መጸዋዕታ እንተ መጺኡካ ንኽንሕግዘካ ምሳና ርክብ ግበር። እዚ ሓገዝ ኣብ ናይ ማሕበር ተኻረይቲ ኣባልነትካ እቱው እዩ።

**ኣብ ምይይጥ ክራይ ገዛ ክትሳተፍ ትደሊ ዲኻ**
ኣብ እዋን ምይይጥ ብዛዕባ እቲ ህንጻ ጽቡቕ ኣፍልጦ ክህልወና ኣገዳሲ እዩ፣ እዚ ሓበሬታ ድማ ብመንገዲ እቶም ናይ ምይይጥ ወኪላትና ወይ በቶም ኣብቲ ህንጻ ዝቕመጡ ናይ ገዛ ወኪላትና ኢና ንረኽቦ። ብዙሓት ክንክውን የድልየና እዩ፣ ባዕልኻ ናይ ምይይጥ ወኪል ወይ ወኪል ገዛ ንምዃን ዘገድሰካ እንተ ኾይኑ፡ ብዛዕባ እቲ ዕማምን ከመይ ጌርካ ከም ትምረጽን ኣብ መርበብ ሓበሬታና ብዝያዳ ኣንብብ፡[https://www.hyresgastforeningen.se/om-oss/vad-vi-gor/hyresforhandling/hur-du-deltar-i-hyresforhandlingar/](https://www.hyresgastforeningen.se/om-oss/vad-vi-gor/hyresforhandling/hur-du-deltar-i-hyresforhandlingar/)

ሕቶታት ኣለካ ድዩ?
ኣብ መርበብ ሓበሬታና [www.hyresgastforeningen.se/hyreshojning](http://www.hyresgastforeningen.se/hyreshojning) ተወሳኺ ሓበሬታ ትረኽብን ናባና መልእኽቲ ክትሰድድ ትኽእልን ኢኻ። ብዛዕባ እቲ ምይይጥ ካልኦት ሕቶታት እንተ ኣለካ ኾይኑ ምሳና ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ። ንማእከል ኣገልግሎትና ናብ 0771–443 443 ብምድዋል ክትበጽሖ ትኽእል ኢኻ። ማእከል ኣገልግሎት ካብ ሰኑይ ክሳብ ሓሙስ ኣብ ሰዓታት 08:30-16:30፡ ዓርቢ 08:00-16:00 ክፉት እዩ።

**ኣተሓሕዛ ውልቃዊ ሓበሬታ**
ማሕበር ተኻረይቲ ንውልቃዊ ሓበሬታኻ ብኸመይ ከም ዝሕዞ ኣብ መርበብ ሓበሬታና [https://www.hyresgastforeningen.se/om-oss/dina-personuppgifter/sa-behandlar-vi-personuppgifter/](https://www.hyresgastforeningen.se/om-oss/dina-personuppgifter/sa-behandlar-vi-personuppgifter/) ኣቲኻ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።